# ናይ ቪክቶሪያዊ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ናይ ተግባር ውጥን

## ብቐሊል ትግርኛ ሕጽር ዝበለ መብርሂ

*ሙሉእ ናይ ውጥን መብርሂ ንምንባብ ናብ መርበብ ሓበሬታ* **www.multicultural.vic.gov.au** *ምእታው።* ናይ **10** ዓመት ናይ ኣፍሪካቃ ማሕበረሰባት ተግባር ውጥን ንድሬ ዕላማ ተቐባሊ ጋሻ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንምህናፅን፣ መበቆሎም ኣፍሪካውያን ንዝኾኑ ናይ ቪክቶሪያ ነበርቲ ውፅ ኢታውነት ንምምሕያሽን ቀፃልነት ዘለዎ ዕድል ንምፍጣርን ኢዩ።

እዚ ናይ ተግባር ውጥን ዝተንድፈ ብቪክቶሪያ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ኣቢሉ ንቪክቶሪያ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት እዩ።

ናይዚ ምዕባለ ብምክትታል ክመርሖ ዝፀንሐ ናይ ኣፍሪቃዊ ሚኒስትሪያል ናይ ስራሕ ጉጅለ (AMWG) ኾይኑ፤መበቆሎም ካብ ኣፍሪቃ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ 22 ሰባት ካብ ወርሒ ጥቅምቲ/October 2016 ክሳብ ለካቲት/February 2018 ዓ.ም ኣብዘሎ ግዘ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሙሉእ ቪክቶሪያ ዝርከቡ በማኢቲ ዝቑፀሩ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ኣብዘለዉሉ እቲ ውጥን ንኽስተኻኽል ዝሕግዝ ርእይቶን ሓሳብን ኣቕሪቦም ኢዮም።

እቲ ናይ ተግባር ውጥን ዝህቦ መልሲ ብግቡእ ንዝፍለጡ ጉዳያት ከምዝኾነ፤ ከምኡ'ውን ሰባት ንዘለዎም ሕይወት ናብራ ንከማሓይሹ ዘኽእል ውሳነ ንክኻይዱ ብምትብባዕን ደገፍ ብምግባር ዘዓለመ እዩ።

## ማሕበረሰባት ክህልዎም ዝግባእ ናይ መሪሕነት ግደ

ኣብ ቪክቶሪያ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ውሽጢ ንዘለዉ ሰባት ናይ ተግባር ውጥን ዝሓቶም ኣብቲ መፍትሔ ይኸውን'እዩ ብዝበሎ ተሳታፊ ብምዃን ናይ ባዕሉ ኣመራርሓ ንክፍጽም እዩ። እዙይ ምትሕብባር፣ መገልገሊ፤ ናይ ሞያ ብቕዓት፤ ፍልጠት ዝሓትት ከምዝኾነ እሞ ናይ መጨረስታ ውፅዒት ብኸመይ ምፍጣር ከምዝኻኣል ክዕለት ዘለዎም ሰባት ከምዘድልዩ እዩ።

እዚ ናይ ተግባር ውጥን ንመንግሥቲ፤ ከምኡ'ውን ንሲቪል፤ ንግሊ፤ ንኣካዳሚክ፣ ንገባረ ሰናይ ትካላት፤ ብኸመይ ምስ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ቐሪብካ ብሓባር ምስራሕ ከምዝኽእሉ'ውን የሓትት እዩ።

ናይ ተግባር ውጥን ብኣርባዕተ ቑልፊ ብዝኾኑ መሰረታዊ መምርሒታት ይድገፍ:

- ናይ ማሕበረሰብ ውሕብቶን ፍልጠትን ምጥቃም
- ተሓታታይ ሓላፍነት
- በሓባር ኾይንካ ምስራሕ
- ዘላቒ ለውጢ ከመፅእ ኣብ ጠመት ምግባር

## ዘላቒ ለውጢ ከምፅእ ኣብ ዝኽእል ነገር ምስራሕ

እቲ ናይ ተግባር ውጥን ዘዳለዎ ሓሳብ ኣብ ሽድሽተ ዓበይቲ ዓውድታትን ካብ ኣብ ልዕሊ 250 ተግባራት ንምኽያድ እዩ ተተሊሙ።

ናይ'ዞም ተሓሲቦም ዘለዉ ተግባራት ዕላማ ኣብዚ ዝሳተፉ ሰባት ኩሎም እቲ ተግባር ክውንንዎ ኣስተዋጽኦ ንኽገብሩን ንኸምዕብሉን ዕድል ንምፍጣር እዩ።

ከምኡ'ውን እቶም ተግባራት ብናይ ማሕበረሰባት፤ መንግሥታትን ካልኦት ንቪክቶሪያ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ሰባት ንምሕጋዝ ብዝተገብረ ስራሕ ተኻይዱ እዩ።

## በቲ ናይ ተግባር ውጥን ጠመት ዝተገበረሎም ሽድሽተ ዓውድታት

1. **ናይ ንግዲ ስራሕ**

   ብኹሉ ኢኮኖሚ መዳይ እንዳማዕበለ ዝመፅእ ዘሎ ናይ ኣፍሪቃዊ ቪክቶሪያዊ ፈጠራ፤ ናይ ንግዲ ድርጅትን ኢንቨስትመንትን

2. **ናይ ስራሕ ዕድል**

   ኣብ ኩሉ ዘርፊታት ናይ ሞያ ክዕለት ምጥንኻርን ግቡእ ዝኾነ ስራሕ ንምርኻብ መንገዲ ምኽፋት

3. **ትምህርቲን ሥልጠና**

   ንመዋእል ዝኸውን ድልዱል ናይ ትምህርቲ መሰረትን ናይ ሞያ ኽእለትን ምጥንኻርን

4. **ጥዕናን ድሕንነት**

   ንናይ ኩሎም ሰባት ማሕበራዊ፤ ኣካላዊን ድሕንነት መምሕያሽ

5. **ምስታፍን ዓቕሚ ምፍጣር**

   ሰባት ብማዕርነት፤ ብዘይምድላውን ብኽብርን ክተኣናገዱ ምሕጋዝ

6. **ኣመራርሓ፤ ጥምረትን ርኽክብን**

   ንቪክቶሪያ ጽኑዕ ኣስተዋጽኦ ስለምግባር፤ እዚ'ውን ብጽቡቕ ኣመራርሓ፤ ጥምረት ናይ ማሕበረሰባት ከምኡ'ውን ኣብ ሙሉእ ገፊሕ ሕብረተሰብ ጽኑዕ ዝበለ ርኽቢ ብምፍጣር ይኸውን።

# ናይ ተግባር ውጥን መጠቓለሊ

## ሰለስተ ልሙድ ፍረ-ሓሳባት/መልእኽቲታት

ምስኩለን ናይ ጠመተ ዓውድታት ዝኸዳ ሰለስተ ፍረ-ሓሳባት ኣለዋ፤ እዚኣን'ውን ንኣፈፃፅማ እተን ተግባራት ብምምራሕ ዝሕግዛ ኢየን።

ዝሓሸ ተሳትፎን ንዝሓሸ ኣገልግሎታት

*ብዝለዓለ  ማሕበረሰብኣዊ ተሳትፎ ኣቢሉ ዝሓሸ ኣጠቓቕማን ውፅኢታዊ  ግልጋሎታት ምብፃሕ*

ሓቢርኻ ብምስራሕ ክዕለትካ መምሕያሽ

*ብሓባር ጠንኪርካ ንምስራሕ ብምሕጋዝ ማሕበረሰባት ናይ ኣመራርሓን ኣቀራርባ ምድላው ክዕለት ከምዕብሎ ይኽእል*

ፍልጠትን ማስረጃን መምሕያሽ

*ንናይ ማሕበረሰባት ፍልጠትን መገልገሊ ብጽቡቕ ምርግጋፅ እሞ ንቕድሚት ናይ ተግባር ኣፈፃፅማ መምርሒ ይኸውን*



# ጠመት ዝግበረሎም ዓውዲታት

ነንሕዲሕዲኡ ናይ ጠመት ዝግበረሉ ዓውዲ ነቲ ተግባር ሓሳብ የዳልው ከምዝኾነ፣ እዚ'ውን ብናይ ኣፍሪቃዊ ማሕበረሰባት ከባቢ ንዘለዉ ሰባት ንዝትሕት ዘሎ ናይ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊ ድሕንነት ብጣዕሚ ጠቓሚ ብዝኾኑ ጉዳያት ምላሽ ይህብ።

ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ዝኾነ ናይ ተግባር ዕላማታት ንመንእሰያትን ንስድርኦም ንምሕጋዝን ንምብትብባዕ እዩ።

እዙይ ን10 ዓመታት ዝተተለመ ውጥን ከምዝኾነ፣ ሓደሓደ ተግባራት ቐልጢፎም ይመሓላለፉ፣ ካልኦት'ድማ ንቕድሚት ንምድላው ብዝበለጸ ውጥን ንከወጸሎም የድሊ።

## ቀፃሊ ኩነታት

ናይዚ ተበግሶ ኣወሳስዳ ሓላፍነት ብሓደ ኣካል ናይ መንግሥቲ ወይኻዓ ካብ ሓደ ክፋል ናይ ማሕበርሰብ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይኮነን።

እዚ ተግባራዊ ውጥን ዝመሓዳደር 'ብሓባር ኣሰራርሓ' ኣቢሉ እዩ። እዙይ ማለት እቲ ተግባር ኣብዝዳለወሉ እዋን ኣብ ኩሉ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሰባትን ድርጂታት ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ደረጃ ዘለዉ ናይ መንግሥቲን ትካላት ኩሎም ተሳትፎ ይገብሩ።

## ንምትግባር ቕድሚያ ዝውሃቦም

ናይ AMWG ንቐጻሊ ኽይዲ ዝሕግዙ ሰለስተ ኣገዳሲ ጉዳያት ከምዘለዉ እዩ።

1. ጥንኾር ዝኾነ ናይ መንግሥቲ ኣመሓዳድራን ሓቢርካ ምስራሕ
2. ኣብ ሙሉእ ቪክቶሪያ ንዘለዉ ማሕበረሰባት ምስታፍ
3. መምዝዛን፣ ምቁጽጻር፣ ምግምጋምን ብዘሎ ዕቤት ጸብጻብ ሪፖርቲ ምግባር

| ጠመት ዝግበረሉ ዓውዲ | በቲ ዝተዓለመ ተግባራት ዝተኻተቱ ኣርዕስትታት | |
|---|---|---|
| ናይ ንግዲ ስራሕ | ናይ ንግዲ ስራሕ<br>ብሓባር ንግዲ ምስራህን ሓዱሽ ነገር ምፍጣር | መርበባዊ ዘለዎ ናይ ንግዲ ስራሕ ትካል ምፍጣርን ብሓባር ምስራሕ<br>ንግዲን ኢንቨስትመንት |
| ናይ ስራሕ ዕድል | ንስራሕ ድልዉ ምዃን<br>ቐዲሞም ትምህርቲ ንዘቛረጹን ኣብ ቐረባ እዋን ንዝተመረቑ<br>ናይ ስራሕ ዕድል መእተዊን ምልመላን | ናይ ወጻእ ሃገር ሞያን ክዕለትን<br>ዝነበረካ ሂዝኻ ምጽናሕን ምምሕያሽን |
| ትምህርትን ሥልጠና | ገላማይ ትምህርቲ ሕፃናት<br>ምስ ትምህርቲ ምርኻብ<br>ቕድሚን ድሕሪን ቤት ትምህርቲ ፕሮግራማት<br>ዕድሚኦም ናብ ትምህርቲ ዘበጽሑ ሕጻውንቲን መንእሰያትን | ናይ እኹላት ትምህርትን ፍልጠትን<br>ናይ ስራሕ ልምዲን ወለንተኛነትን/ብዘይክፍሊት በፍቓደኝነት ምስራሕ<br>ላዕላዋይ ደረጃ ትምህርትን ናይ ሞያ ሥልጠና |
| ጥዕናን ድሕንነት | ጥዕና ኣእምሮ<br>ጥዕና ኣካልን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ዘይድሕን ሕማም<br>ናይ ስድራቤት ሁከት | ኣብ ጸገም ዘሎ መንእሰይ<br>ጡረተኛታትን ሽማግለታትን<br>ንስድራታት ምጥንኻር |
| ምስታፍን ዓቕሚ ምፍጣር | ኣብ ቐረባ ዝበጽሑ<br>ኣካለ ጉድዓተኛ ንዝኾኑ ሰባት<br>ጡረተኛታትን ሽማግለታትን<br>ፆታን ስርዓት ጾታን | ኣብ ፍትሒ ኣሰራርሓ ከይዲ ውሽጢ ንዘለዉ ሰባት<br>ደቒ ኣንስትዮን ናይ ጾታዊ ማዕርነት<br>ምክልኻል መሰል ሕጻን |
| ኣመራርሓ፣ ጥምረትን ርኽቢ | ናይ ማሕበረሰብ መራሒነት<br>ዘለካ ፍልጠት ምኽፋልን ምትሕብባር<br>ኣብ ሙሉእ ከባቢ ማሕበረሰብ ጥምረት ምፍጣር<br>መንእሰያት | መሰረተ ልምዓትን መገልገሊታት<br>መራኸቢ ብዙሓን/መዲያ<br>ንናይ ኣውስትራሊያ ሕጊ ምርዳእን ምስ ሰበሥልጣናት ብሓባር ምስራሕ |

VICTORIA